# ብመቓልሕ እንድስኻ ከበሮስ ኣእዛን መን ይጽምሙ?

ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት፡ ክጽሕፍ ድንዕ ድንዕ እብል እሞ፡ ተመሊሰ ድማ እገድፎ። ብኸምዚ ነዊሕ ግዜ ምስ ነፍሰይ ኣብ ክትዕ ኣትየ ኢየ ጸኒሐ። ዝላዓሉ ዛዕባታትን ኣርእስታትን ብዝነበብኩ ቁጽሪ ግን፡ መመሊሱ ነቲ ከዋድቐ ዝሓገኹን ዝኸረምኩን ናይ ምጽሓፍ ወስታታተይ ከበራብሮን ብርዐይ ክሕዝን ናይ ግድን ኮይኑ። እኖሆ ድማ በዛ ናይ ሎሚ መዓልቲ ፈላሚት መልእኽተይ እላለየኩም።
ከልዕሎ ዝደልኹ ዛዕባ ካብቲ ኩልና ኤርትራውያን ዓሲልናዮ ዘሎና ጉዳይ ሃገርና ዝተፈለየ ኣይኮነን፡ እንተኾነ ብዙሓት ብርዕታት ካብቲ ሕመረት ናይቲ ጉዳይ ኣልጊሰን ብዝጽሕፍኦ ጽሑፋትን ብዝልግሳኦ ኣስተዋጽኦን ነቲ መሰረታዊ ጉዳይ ሃገርናን ህዝብናን ውን ይሕምትላኦ ስለ ዘሎዋስ ዓገብ ክብል ኢዩ እቲ ቀንዲ መንቀልየይ። ኣዚ ክብል እንከሎኹ፡ ንፍልልያትና ርእይቶታትና ዓቢስና ክንጋዓዝ ዘይኮነ፡ ልዕሊ እቲ መሰረታዊ ጉዳይ ሃገር ክንቋራቐሰሉ ግዜኡ ኣይኮነን ንምባል ኢየ።
ኣብ ኣርእስተይ ምናልባት ዘሰንብዱ ቃላት ተጠቒመ ኣሎኹ፡ ይኹን እምበር ማንም ካባና ዘይክሕዶ ተገይጹ ዘንጸላልወና ዘሎ ሓቂ፡ እቲ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራውያን ዘሎ ሓድሕድካ ምክሳስን ምብላዕን ኢዩ። ኣቦታትና ክምስሉ፡ “ንገረብ ብሓኽላ” ይብሉ ኢዮም። ደንበ ተቓውሞ ድማ ኣብ ክንዲ ናብቲ ህዝብና ዘማዕድዎ ዘሎ ራህዋ ዘምጽኣሉ ውሕሉል ኣገባብ ክብ ዝብል፡ ኣብ ንሓድሕዱ ክባላዕ እኖሆ ካብ 2002 ኣትሒዙ ኣብ ዘይወጸሉ ዕንክሊል ዝኣተወ ይመስል። ናይዚ ጥንቂ፡ ናብታ “ንገረብ ብሓኽላ” ምስላ ኣቦታት ይመልሰና ከይከውን ሰኽፍታታት ኣሎኒ። ሰኽፍታይ ግጉይ ክኸውን ድማ ተስፋ እገብር።

ተበግሶታት ብዓይኒ ጥርጣረታትን ብትሕቲ ሃገራውነትን ክርኣዩ እንከሎዉ፡ ዘረሓሕቑና ጉዳያት ካብ ዘቀራርቡና እናጎልሑ ኣብ ዝኸዱሉ እዋን፡መንእሰያትና ንቀለብ ኣሞራታት ዓቢይ ሳህራን ንቕለብ ዓሳታት ባሕሪ ሚዲተራንያን ኣብ ዝሳጥሑሉ፡ እቲ ዝዓበየ ትሕተኞርጻ ሃገርና (መንእሰይ) ብዘይ ንጹር መጻኢ ኣብ ዝክላበተሉ ዘሎ እዋን፡ ህላወ ሃገር ከም ሃገር ኣብ ዘስግኣሉ ዘሎ እዋን፡ ናይ ተቓውሞ ውድባት ኤርትራ፡ ነቲ ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዘስካሕክሕ ናብራ ተሸሚሙ ዘሎ ህዝብና ዘሎዎም ተኣማንነት ኣብ ናቅይ ሕቶ ምልክት ዘእቱ ኣካይዳ ይኸዳ ኣሎዋ። ናብ ትጽቢትን ሃንቀውታን ህዝቢ ዝምልሱሉ መስርሕ ክብ ክብሉን ኣብ ፍልልያቶም ሓሸወ ከይብሉን ሎሚ ቅድሚ ጽባሕ ይሕተቱ።

ብርግጽ ብዙሓት ውድባት፡ ሰልፍታትን ማሕበራትን፡ ብዘሎና ዕላባታትን መትከላትን ኣቢልና ኢና ንናይ ቀረባን ርሑቕን መደብና እነዕውቶ፡ ዝብላ ኣይሰኣናን። ንዘሎወን ዕላባታትን መትከላትን ደርብየን ናብ ካልእ ተጸንበራ ውን ኣይብልን። ኣቲ ዝለዓለ ዕላማ ናይ ነፍሲ ወከፍ ብስም እዛ ሃገር ዝንቀሳቐስ ውድብ ግን ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኢዩ። “ንገረብ ብሓኽላ” እንተደኣ ዘይኮይና ማቃተይ ኢዩ። እዚ ካብ ኮነ እምበኣር ውድባትኩም ማሕበራትኩምን ሰልፍታትኩምን ናብ ኤርትራ ዘብጽሓኹም መንገድታት እምበር፡ ልዕሊኣ ክብ ክብላ የብለንን ጥራይ ዘይኮና ንማዕረኣ እኳ ክብ ክብላ ኣይግባእን ምበልኩ። እቲ ምንታይሲ እትምሕለል ሃገርን ህዝብን እምበር፡ ፖሊትካዊ መርገጻትሲ ምስ ኩነታት ውን ክለዋወጥ ስለዝኽእል፡ ኣብ ክሊ እቲ ኤርትራ ዝብል ዕላማ ፍልልያትና ዓቂብና ፍልልያትና ጸጋ መከባበሪና ቆጸርናን ክንጸዋወር ይግብኣና።

ሕቶ ሓድነት፣

እዚ ዛዕባ እዚ ብዙሕ ከዛርብ ዝወርሐን ዘሎን ኢዩ። ከም ኣምር ብዛዕባ ሓድነት ብዙሕ ክጸሓፍ እኳ እንተተኻእለ፣ ኣብዛ እዋን እዚኣ ንሃገርና ይኹን ንህዝብና፣ ኩሉ ዓይነት ሓድነት ዘሕጉሶ ተበግሶ ኢዩ። ይኹን እምበር ክንደይ ዝተፈረሙ ሓድነታት ገና ቀለሞም ከይደረቐ ክዓንዉ ብምርኣዩ ድማ፣ ዕጽፊ እቲ ዝተሓጎሶ ከም ዝጕሂ ክንስሕቶ ኣይግባእን። ሓድነት ኣየኖት ማሕበራት ምስ ኣየኖት ፈጺሞምዎ ብዘየገድስ ኣብ ደበ ተቃውሞ ክድገፍ ዘሎዎ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ኢዩ። ብማዕረኡ ድማ እተን ነዚ ሓድነት እዚ ዝፈራረማ ውድባት፣ ግዝያዊ ረብሓ ንምኽሳብ ዘይኮነ፣ ናብ ርሑቕ ዘማዕደወን ንትጽቢታት ህዝቢ ዝይኮልፍን ዝተጻንዐ ናይ ሓድነት ዕማም ከካይዳ ይጥለባ ኢየን። ርግጽ ሓድነት ውሕስነት ዘሎዎ ምጽንባር ኣይኮነን ፍትሕ ፈሪሕካ ግን መርዓ ኣይሕሰምን ኢዩ። ህዝቢ ዋና ዋኒኑ ክሳብ ዝኾነ ግን ካብ ህዝቢ ዝሕባእን ግዜኡ ኣይኮነን ዝበሃል ስምምዓት ሓድነት ክህሉ ኣይግባእን። ኣብ ምንታይ ተሰማሚዕና ናዕና ይምልከት ምባል፣ ህዝቢ ዋና ጉዳይካ ኣይኮንካን ካብ ምባል ሓሊፉ ካልእ ፖሊትካዊ መለክዒ የብሉን። እዚ ኣብ ንብለሉን ናይ ህዝቢ ዋኒን ጆህ ኣብ ንሕዘሉን ድማ፣ ድቒ ዘይንጹርነት ኣብ ከርስና ሒዝና ንኳዓዝ ኣሎና ማለት ኢዩ። እዚ ድቒ እዚ ድማ ምልኪ ኮይኑ ኢዩ ዝውለድ።

ብመንጽር እዚ ክርአ ዘሎዎ እምበኣር እቲ ጉልቡብ ሸኽፍታታት ብዛዕባ እዞም ክሳብ ሕጂ ተቢጺሖም ዝበሃሉ ዘሎዉ ሓድነታትን ነጥበ-ስምምዓትን ኢዩ። ንፍሲ ወከፍ ውድብ ማሕበር ይኹን ሰልፊ ነናቱ ኣሰርርሓ ኣሎዎ። ግሉጽነት ክህሉን ኩሉ ኤርትራዊ ብማዕረ ዝፈልጦ ስስምምዓት ክኸውንን ዝድገፍ ኢዩ። እዚ ኣይኮነን ግን እንታይ ኢዩ ስምምዕኩም ኣውጽኡዎ፣ ዝዓይነቱ ወፈራ ኣድላዪ ኣይኮነን። ነቲ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ክቐንዕ ዘሎዎ ብርዕታትን ጻዕርታትን ናብ ካልእ ከድህብ ኢዩ ዝገብር። ልዕሊ ኩሉ ድማ ማንም ንማንም ብወገንን ዓሌትን ዘሰግኣኒ ምትእኽኻብ ኢዩ ናይ ምባል መሰል የብሉን፣ ክሳብ እቲ ይኹን እቲ ብግሉጽ ናይዚ ዓሌት ጸብለልትነት ንምርግጋጽ ንቃለስ ዘይበለ። ብንጹር ትግርኛ ማንም ሰብ ልዕሊ ሓድነት ኮይኑ ፈራዲ ክኸውን ምኽኑይ ኣይኮነን ኣየምሕረሉን ውን።

ሰናይ ንኹልና!!
ኣብ ዝመጽእ የራኽበና
መኰንን ኣርኣያ